# ብAtlanta Falcons, NFL Foundation & Grassroots Program Fund ዝተሰለዔ ናይ $250,000 ገንዘባዊ ሓገዝ፡ ንኣትሌታት Stone Mountain High ተዋሂቡ

ናይ Stone Mountain High School ርእሰ-መምሃራን Michael Costa፡ ከምዚ ኢሉ ተዛሪቡ፥ “ነቲ ብዙሕ ለውጢ ኬምጽእ ዚኽእል ልዑል-ዝደረጅኡ ገለ መሳርሒታትን ሓገዛትን ኣትለቲክስ ንተማሃሮና ንኺንህብ ዕድል ዝኸፍተልና ፍሉጥ ድሌታት ዘሎና ቤት ትምህርቲ ኢና”። “ኩሉ ሰብ፡ በቲ ኪካየድ ተመዲቡ ዘሎ ንጥፈት ሕጉስ'ዩ ዚብል እምነት ኣሎኒ። ነቲ ዘሎና ሜዳ ይፈትውዎ እዮም፣ ብእኡ ድማ ኣመና ኪሕጎሱ እዮም፣ ከነዳልዎ ዘድልየና ገለ ካልእ ነገራት ግን ኣሎና።”

Local Initiatives Support Corporation (*LISC*) ንStone Mountain High ከምኡውን ንDeKalb County School District (*DCSD*) ዚውዕል ናይ $250,000 ገንዘባዊ ሓገዝ ምስ ሃበ፡ ኮም ቤት ትምህርቲ ሓጐሱ ገሊጹ እዩ። እዚ ህያብ'ዚ ድማ ኣብ 25 ነሓሰ፡ ኣብ መንጎ Stone Mountainን Redan High Schoolን ውድድር ኩዑሶ እግሪ ኣብ ስታድዮም ሆልፎርድ (Hallford Stadium) ቅድሚ ምክያዱ ኣብ ዝነበረ በዓል ቅድመ-ጸወታ ቀሪቡ።

እዚ እተመጣጠነ ገንዘባዊ ሓገዝ'ዚ፡ ከም ኣካል ፕሮግራም ምምልማል ሓደስቲ ተጻወትቲ ብመገዲ LISC ፍቓድ ዝረኸበ ኮይኑ፡ ንመለማመዲ ሜዳ ኩዑሶ እግሪ Stone Mountain High ዝኸውን ሰብ-ሰርሖ ሳዕሪ ንምንጻፍ ዚውዕል ምወላ ካብ Atlanta Falcons፡ National Football League (*NFL)* Foundation ከምኡውን ካብ NFL Grassroots Program ዝተዋህበ እዩ። እዚ ገንዘብ'ዚ ድማ ንፕሮግራም ኣትሌቲክስ ናይ ቤት ትምህርቲ ዚኸውን ሓድሽ መሳርሒ ንምዕዳግ ኬገልግል እዩ።

Dale Royal፡ ፈጻሚ ዳይረክተር LISC Atlanta ምስ ጉጅለኡ Jewel Williamsን Dominique Ellisን ብምዃን፡ ሞዴል ናይቲ ስራሕ ኣብ ማእከል ሜዳ ንርእሰ-መምሃራን Costa፡ ዳይረክተር ኣትሌቲክስ Douglas Dakin ከምኡውን ንኣቦ-መንበር ቦርድ ትምህርቲ ዴካልብ ካውንቲ (DeKalb County Board of Education) Mr. Diijon DaCosta Sr. ኣቕሪቡ።

“ንቦርድ ትምህርቲ ብምውካል፡ ንተማሃሮና ብቐጥታ ንዚጸሉ ገንዘባዊ ምወላ ብምምዳቡ፡ ነቲ ትካል'ዚ ኣመስግኖ። እዚ ድማ ኮምን መሻርኽትን፡ ንዜገርም ስራሕ ኣውራጃናን ተማሃሮናን ደገፍ ይህቡ ከምዘለዉ ዓለም ትፈልጥ ኣላ ማለት እዩ” ብምባል Mr. DaCosta ተዛሪቡ፣ ነቲ ውድድር ድማ ሳንቲም ሰንድዩ ዕጫ ብምውዳቕ ጀሚርዎ። “እዚ ፕሮግራም'ዚ ኣብ ምዕባይ፡ ምስፋሕ ከምኡውን ንፕሮግራም ኩዑሶ እግርን ኣትሌቲክስን ዜድሊ ኣገዳሲ መሳርሕን ናውትን ኣብ ምቕራብ ኪሕግዝ እዩ።”

እዚ ሓድሽ ሓገዛት፡ ኣብ ኣትሌቲክስ ልዑል ተሳታፍነት ንኺህሉን ኣብ ሜዳ ድማ ዝያዳ ዓወታት ንኺመጽእን ምኽንያት ኪኸውን፡ ርእሰ-መምሃራን Costa ተስፋ ኣለዎ።

“እቲ ቍጽሪ ሓደ ሸቶ፥ ኣብ ባህልን መንፈስን ቤት ትምህርቲ ንዘሎና ክብሪ ከምዚውስኽ ምግባር እዩ። [እዚ ገንዘባዊ ምወላ]፡ ሓጋዚ ከምዚኸውንን ድሕሪኡ ድማ ዓወት ከምዚመጽእን እኣምን” ብምባል ርእሰ-መምሃራን Costa ተዛሪቡ።

XXX